ካልኣይ ዓመት | ሕታም ቁ. 6 | ብነጻ ዝዕደል መጽሔት | መስከረም 2014

# መቓልሕ ፍርቶ صدى فورتو

ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ተሓቲማ እትዝርጋሕ መጽሔት

## ቃል መቓልሕ ፍርቶ

ዝመጽእ ዘሎ 18 መስከረም መበል 13 ዓመት ምእሳር እቶም ቅዋማዊ መንግስቲ ክትኽል ዝሓተቱ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባርን፣ ንሕቶታቶም ኣብ ጋዜጣታት ብምውጻእ ናብ ህዝቢ ዘብጽሑ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ኣዳለውትን ዝተኣሰሩላ ጸላም ዕለት ክንዝክር ኢና። እዛ ዕለት ንዝክራ ላዕለዎት ሓለፍቲ ዝተኣሰሩላ ዕለት ስለዝኮነት ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ተስፋን ብሩህ መጻእን ህዝቢ ኤርትራው ዝጸልመተላ፣ ፍትሒ ኣብ ቕርዓት ዝተቀብረላ፣ ድምጺ ህዝብና ብወግዒ ዝተዓበሰላ ጸላም ዕለት ስለዝኮነትውን'ዩ። ድሕሪ እዛ ዕለት ኩነታት ህዝብና ካብ ዕለት ናብ ዕለት እንዳንቆልቀልን እንዳከፍኤን ከይዱ ሎሚ መጻኢና ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ዘጠራጥር በጺሑ ንረክቦ።

እምባኣር ሎሚ ነዛ ዕለት ክንዝክር ከለና ንክልተ ዕላማታት'ዩ። እቲ ቀዳማይ ነቶም ንስለ ፍትሒ ደው ኢሎም ግን ኻኣ ፍትሒ ዘይረከቡ እሱራት ከምዘይረሳዕናዮም ንፈታውን ጸላእን ንምዝክካር፣ እቲ ካልኣይ ድማ ነቲ ንሶም ዘበገስዎ ሕቶ ቅዋማዊ መንግስቲ ሕቶ ህዝቢ ስለዝኮነ ኣብ መጨረሽትኡ ንምብጻሕ'ዩ። ስለዚ በዚ ኣጋጣሚ፣ መጽሔት መቓልሕ ፍርቶ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ንዝርከብ ህዝብና፣ ነቶም ብዘይፍትሒ ኣብ ፈቀዶ እስርቤት ዝሳቀዩ ዘለዉ ቅድምን ድሕርን መስከረም 18 ዝተኣሰሩ ዘጋታትና ክንዝክሮምን፣ ኣብ ሃገርና ፍትሕን ሰላምን ክነግስን ቅዋማዊ መንግስቲ ክትከል ክንቃለስን በዚ ኣጋጣሚ ትጽውዕ።

****************************************************

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝክርን ንስውኣትና!!!!!!!!!!!

****************************************************

## كلمة العدد

تمر علينا بعد أيام الذكري الثالثة عشرة للثامن عشر من سبتمبر الأسود الذي شهد حملات اعتقالات طالت كبار مسئولي حزب الجبهة الشعبية لمطالبتهم بتفعيل الدستور وسيادة حكم القانون بالإضافة لاعتقال محرري الصحف المستقلة التي نشرت هذه المطالب، يأتي إحياء هذه الذكرى ليس لأنها شهدت اعتقال قادة الجبهة الشعبية الكبار فحسب بل لأنها تعد بمثابة موت شعاع الأمل في نفوس الشعب الإرتري التواق لمستقبل مشرق ، ولأنها شهدت دفن العدالة في العراء ، ولأنها شهدت تكميم الأفواه ،خاصة وأن الأوضاع في إرتريا بعد التاريخ المذكور أخذت تنحو نحو التدهور والإنحدار المريع يوماً بعد يوم .

يأتي إحياؤنا لهذه المناسبة هنا لهدفين :الأول هو لنبين للناس أن ذكرى هذه المجموعة التي أعتقلت بسبب المطالبة بقضايا عادلة ما زالت حية في نفوسنا وأننا لن ننساهم لأنهم يرزحون في اقبية السجون بسبب مطالبنا المشروعة ، أما الهدف الثاني فهو إن المطالب والمبادئ التي اعتقلوا بسببها المتمثلة في سيادة العدالة وحكم القانون ستظل باقية وقائمة لأنها تعبر عن نبض الشعب وسنسعى ما حيينا لتنفيذها .

بهذه المناسبة يسر نشرة مقالح فورتو أن توجه نداء إلى الشعب الإرتري في الداخل والخارج لتذكر المعتقلين الإرتريين الذين يرزحون في مختلف معتقلات إرتريا دون محاكمات والذين اعتقلوا قبل 18 سبتمبر وبعده ، وكذلك ندعوهم للعمل الجاد من أجل إرساء دعائم حكم القانون والعدالة في بلادنا .

*ዮሃና!!!! እንቛዕ ናብ መበል ቀዳማይ ዓመት ሕተምት መቃልሕ ፍርቶ ኣብጸሓና*

መቓልሕ ፍርቶ صدى فورتو

• ብዓርቢ ሓርነት እትዳሎ መጽሔት መቓልሕ ፍርቶ • arbiharnet@gmail.com ▪ 00112405608826

# ሓውኻ ኣበይ ኣሎ?

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቂምናሉ ዘለና ኣርእስቲ ካብቲ ብኣርባዕተ መራሕቲ ኻቶሊኻዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ዝተዘርገሐ መንፈሳዊ ተግሳጽን ምዕዶን ዝተወስደ'ዩ። እቶም ኻቶሊኻውያን መራሕቲ ኣብ መልእኽቶም ነቲ ኣብ ኤርትራ ወሪዱ ዘሎ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ሽግራት ድሕሪ ምዝርዛርር፣ ጠንቂ ናይዚ ኩሉ ሽግር ኮይኑ ዘሎ ንዓይ ይጥዕመንን ኣባይ ጥራሕ ኣይብጻሕን ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ ብምንቃፍ መንፈሳዊ ማዕዳ ኣቕሪቦም። እዚ ገምጋምን ማዕዳን እዞም መንፈሳውያን መራሕቲ ኣዝዩ ኣገዳስን ግዚያውን ስለዝኾነ፣ ህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ዘለዎ ኣደራዕ ክሳብ ዝናገፍ ክደጋገምን ክሕተትን ዘለዎ ኣገዳሲ ሕቶ'ዩ። ስለዚ ኻኣ መጽሔት መቓልሕ ፎርቶ ኣብዚ ብምኽንያት ዝኽሪ መስከረም 18 2014 እተውጽኦ ዘላ ሕታም ነዚ ሕቶ'ዚ ምስቲ መዓልቲ ብዝዛመድ መልኺዑ ደጊማ ንህዝቢ ኤርትራ ክትሓቶን ከተዘካክሮም ወሲና ኣላ።

ካብ ወለድና ከም ንሰምዖን ብታሪኽ ከምዝረጋገጽን ህዝቢ ኤርትራ ንፍትሕን ንርትዕን ደው ዝብል; ዓመጽን ወራርን ዘይቅበል በዓል ሓቦ ህዝቢ'ዩ ኔሩ። ኣሸንካይዶ ኣብ ነብሱን ኣብ ወዲ ዓዱን ዝበጽሖ በደልሲ ሓላፍ መገዲ ክዕመጽ እንተሪኡ እኳ ዓገብ ዝብል ንስለፍትሒ ዝሰየፍ ኩቡር ህዝቢ'ዩ። እዚ ንስለ ፕሮፓጋንዳ ኢልኻ ዝባሃል ዘሎ ዘይኮነስ ንታሪክ ንድሕሪት ቁሩብ ተመሊስካ ዝረጋገጽ ሕላገት ሕዝቢ ኤርትራ'ዩ። እዚ ተባዕ ባህሪ እዚ ኻኣ ንዘመናት ካብ ወረርቲ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ክከላኸል ኣኽኢልዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣብ ኣፍሪቃ መዳርግቲ ዘይነበሮ ስርዓት ደርጊ ሲዒሩ ናጽነቱ ክጓናጸፍ'ውን ኣኽኢልዎ'ዩ። ሎሚ ግን እዚ ሓቦዚ ኣበይ ኣሎ? እቲ ኣብ ጎረቤቱ ንዝበጽሖ ዓመጽ ኣብ ነብሱ ከምዝበጽሖ ገይሩ ዝማጎት ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ኣበይ ኣሎ? ነዚ ሕቶ'ዚ ክንሓትት ዝደለናሉ ምኽንያት ንህሉው ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ክንግምግም ነቲ ብመስከረም 18 2001 ዘጋጠመ ዓመጽን ህዝቢ ኤርትራ ዘርኣዮ ግብረመልስን ከም ውጺኢቱ ዝሳዓበ ክሳራን ንምግምጋም ኣገዳሲ ኾይኑ ስለዝረኸብናዮ'ዩ።

ከምዝፍለጥ ብ 18 መስከረም 2001 ውልቀ መላኺ ኢሰያስን ናይ ጸጥታ መሓውሩን ነቶም ንቀይዲ በተኽ ኣካይዳ መንግስቲ ኤርትራ ብምንቃፍ ቅዋማዊ መንግስቲ ክትከል ዝጸውዑ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ኣዳለውቲ ናይ ብሕቲ ጋዜጠኛታትትን ኣሲርዎም። ካብታ ዕለት እቲኣ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ድማ ክሲ ዝባሃል ኣይተመስረተሎምን። ኣበይ ከምዘለዉ'ውን ኣይፍለጥን። እዚ ኣብ ዓለም ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት'ዩ። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ግን ብህዝቢ ኤርትራ ዝተራእየ ግብረመልሲ'ዩ። ሕቶ እዞም ዝተኣሰሩ መራሕቲ ሕቶ ኩሉ ህዝቢ'ዩ ኔሩ። ቅዋማዊ መንግስቲ ምትካል ህዝቢ ኤርትራ ዝተቓለሰሉ ዕላማን ንኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ዘርብሕን መሰረትዊ ሕቶ'ዩ። እዞም ላዕለዎት ሰበስልጣን ካኣ ነዚ ሕቶ ክሓቱ ከለዉ፣ ንውልቆም ዝረኽብዎ ረብሓ ስለዝነበረ ዘይኮነስ እቲ ዝነበሮም ዜግነታዊ ሓላፍነት ስለዝገድዶም'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ንሶም ዝገበሩዎ እቲ ክግበር ዝነበሮ ንቡር ተግባር'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ምስ ተኣሰሩ ኣብ ክንዲ ኣብ ጎድኖም ጠጠው ኢሉ ንሕቶኦም ዝደግምን ፍትሒ ዝጠልብን፣ ኣብ ነብሰይ ክሳብ ዘይበጽሓኒ እንታይ ሸገረኒ ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ ሒዙ ኣጽቂጡ። ከም ሳዕቤኑ ድማ፣ እቶም ሕቶ ህዝቢ ዝሓተቱ ብዝተሸርቡዎ ጠፊኦም፣ ብድሕሪኦም ካኣ ንስለ ህዝቢ ኢሉ ዝቃለስ እንዳዋሓደ መጺኡ። እቲ ዓማጺ ስርዓት ድማ መሊሱ ገርጊሩ። እቶም ኣብ 18 መስከረም ዝተኣሰሩ ላዕለዎት ሓለፍቲ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣሽሓት ካልኦት ሲዒቦም። መራሕቲ ሃይማኖት፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ተጋደልቲ፣ ሙሁራት፣ ኮታ ዝኾነ እቲ ስርዓት ዝጠርጠሮ ብዘይዝኾነ ክስን ፍርድን ምእሳር ኣብ ኤርትራ ቁቡል ኮይኑ። ህዝቢ ድማ ኣብ ክንዲ ብሓባር ዓገብ ዝብል፣ ነብሱ ካብታ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ደበና ጥፍኣት ዘንጸላልዋ ዘሎ ኤርትራ ንምውጻእ ናብ ስደት ክንባሁቅ ጀሚሩ። ከም ውጺኢቱ ድማ ሎሚ ከም ህዝብን ከም ሃገርን ቀጻልነትና ኣብ ዘስግእ ደረጃ በጺሑ ንርከብ። ካብዚ ዘለናዮ ዓዘቕቲ ክንወጽእ፣ ነዚ ኣብዚ ዘብጽሓና ኣተሓሳስባን ኣካይዳን ዳግም ክንግምግሞን ሓድሽ ኣካይዳ ክንክተልን ከድልየና'ዩ። ጠንቂ እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሽግር እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት እካ እንተኾነ፣ እቲ ስርዓት ክሳብ ሎሚ ክቕጽል ዝኸኣለ ግን፣ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ንግፍዕታት እቲ ስርዓት ዘርእዮ ግብረ መልሲ እዩ። እቲ ስርዓት መሰረታዊ መሰላት በብሓደ ክግህስ ከሎ ኣብ ክንዲ ዝቃወም ኣብ ነብሰይ ጥራሕ ኣይትብጻሓኒ ኢሊ ሪኡ ከምዘይረኣየ፣ ሰሚዑ ከም ዘይሰምዐ ስቕ እንተዘይብል፣ እቲ ስርዓት ህዝቢ ኤርትራ ንዝተቓለሰሎም መትከላት በብሓደ ክጥሕሶም ከሎ ከምቀደሙ ብሓባር ዓገብ ክንድ ዝብል፣ ንብሱ ከውጽእ ንስደት እንተዘይውሕዝ፣ ሎሚ ኣብዚ ኣይምሃለናን። ስደት መፍትሒ ኣይኮነን። ካብቲ ንስደት ተበጊሱ ዝሰልጠ፣ እቲ ኣብ ጎረባቢቲ ሃገራት ኣብ መዓስኸር ስደተኛታት ኮይኑ ንዓመታት ከርተት ዝብል ዘሎ ይበዝሕ። ካብቲ ተበጊሱ ዝኣቱ እቲ ኣብ መንገዲ ኣብ ኣጻምእ ሳሃራን ኣብ ባሕርን ዝጠፍእ ይበዝሕ። እቲ ውሑድ ዕድለኛ ኮይኑ ኤውረጳ ዝኣተወ እንተኾን'ውን ካብቲ ኣትዩ ተማሂሩን ሰሪሑን ቁምነገር ዝገብር እቲ ካብ መንግስቲ ዝትኮበሉ ዘይጠቅማ ቁራብ እንዳ ኣጠራቀመ ዝነብር ይበዝሕ። ብሓጺሩ፣ ኣብዘን ዝሓለፋ 13 ዓመታት ዝራኣናዮን ዝተሞኮርናዮን እንተልዩ ስደት መፍትሒ ዘይምዃኑ'ዩ።

ይቕጽል...ናብ 3ይ ገጽ

መጽሔት መቓልሕ ፎርቶ ብምኽንያት ዝኽሪ መስከረም 18፡ 'ሓውካ ኣበይ ኣሎ' ብምባል ነቶም ገለ ካብ ኣእምሮ ኤርትራዊ ክሕከኹ ዝተፈረዶም ደቂ ሕዝቢ ንዘክሮም እንዳበለት ጅግንነቶም ተቀኒትና ሃገርን ህዝብን ክነድሕን ሳቦያ ንበል ብሓባር!!!



**ካብ 2ይ ገጽ ዝቀጸለ......** ንዓይ ይጥዓመንን ንውልቅኻ ምሕሳብን ጥራሕ ፍታሕ ከም ዘይኮነ ሎሚ ድሕሪ 13 ኣዝዩ በሪሁልና ኣሎ። ምኽንያቱ ሎሚ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ዝጠዓሞ ኤርትራዊ ስለዘየሎ። እምባኣርከስ ሎሚ ንፍጻሜ 18 መስከረም 2001 ክንዝክር ከለና፤ ነቲ ቅድሚ 13 ዓመት ዘምለጠና ዕድል ብምዝካር፤ ነቲ ብሰንኩ ዝኸሰርናዮ ዕድላት ብምግምጋምን፡ ነቲ ናብዚ ዘብጻሓና ኣካይዳ ክንቅይር ይግባእ። እቲ ምንታይሲ ቅድሚ 13 ዓመት እቶም ተኣሲሮም ዘለዉ ዘልዓልዎ ሕቶ ኣልዒልና ምስኦም ጠጠው እንተንብል ሎሚ ብቕዋም ትምራሕ፤ ዜጋታታ ዝከብሩላ ሃገር ምሃለወትና። ጎረቤትና ኪጋፋዕ ከሎ ዓገብ ኢልና እንተንኸውን፤ እቲ ግፍዒ ኣብ ነብስና ኣይምበጽሔን። መጋድልትና ክእሰሩ ከሎ ኣይፋል እንተንብል፤ ዝተጋደልናሉ ዕላማ ደበና ጥፍኣት ኣይመንጸላለዎን። ደቂ ጎረቤትና ከም ደቂ ጤል ተተወጢጦም ክውሰዱ ከለዉ ዓገብ እንተንብል፤ ሎሚ ኣብ ደቕና ኣይምበጽሔን። ብሓጺሩ ሽግር ሓውና ከም ሽግርና ወሲድና ኣብ ጎድኖም ጠጠው እንተንብል ሎሚ ኣብዚ ዘለናዮ ዘሕዝን ኩነታት ኣይምሃለናን። ካብዚ ክንወጽእ ድማ፤ እቲ መራሕቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ዝሓተቱና "ሓውኻ ኣበይ ኣሎ" ዝብል መሰረታዊ ሕቶ ብምድጋም ንነብስና ክንሓትትን፡ ሓቲትና መልሲ ክንረክብን ይግባእ።

## 18 መስከረም መሰልና ዝተመንዛዕናላ ዕለት

ቅድሚ 13 ዓመታት ልክዕ ኣብ'ዛ ዕለት እዚኣ ደሞክራስን መሰልን ሓርነትን ህዝቢ ኤርትራ ምስ ተጣበቕቱ ተሓይሩ። ህዝቢ ኤርትራ በቲ ቀያሕቲ ደቂ ዝኸፈለሉ ስርዓተ ሕግን ቅዋምን ከመሓደር መሰሉ ይተሓለወሉ ኢሎም ዝተጣበቑ ገዳይም ሓርበኛታት ተቓለስቱን፡ ልሳን ድሌት ህዝቢ ኮይኖም ድምጺ ህዝቢ ብትብዓት ዘቓልሑ ጀጋኑ ግዜጠኛታቱን ብዘይበደል ክእሰሩ ከለው፡ ሸዕኡ ሕድርን መብጽዓን ሰማእታትና ብግህዶ ይጥለም ኔሩ። ሸዕኡ ክብረትናን መሰልናን ምሉእ ብምሉእ ተደፊሩ። ኤርትራውነትና ብውልቀ መላኺ ተናዒቑ፡ ንሕና ኤርትራውያን ከም ሰባት እናነበርና ከም መሰልን ክብርን ዘለና ዜጋታት ምንባር ከነቛርጽ ተፈሪድና።ጀጋኑ ሓርበኛታት ተቓለስትናን ምዑታት ጋዜጠኛታትናን መስከረም 18, 2001 ዓ.ም. ካብ ዘዘለውዎ ከም ወንጀለኛታት ተለቒሞም ክእሰሩ ከለዉ፡ ነቲ ዝጋሃሰ ዝነበረ ስርዓት ሕግን መሰል ህዝብን ብትብዓት ብሰላማዊ ኣገባብ ስለዝትጣበቑ፡ ምእንቲ ክብረት ህዝቦም ደው ስለ ዝበሉ ምንባሮም ኩሉና ንዝክሮ ኢዩ። ንሕና እቶም ሕጂ ንመበል 13 ግዜና ነዛ ኤርትራዊ ክብርናን መሰልናን ዝተመንዛዕናላ፡ ጀጋኑ ሓርበኛታትናን ግዜጠኛታትናን ዝሰኣናላ፡ ድምጽና ዝተሓተመላን ልሳንና ዝተለኸተላን ዕለት፡ ከም'ቲ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ዝወረደና ግፍዒ እናጸብጸብና፡ ብምስትንታንን ምቁዛምን ክንዝክራ ዘይኮነ ብኤርትራዊ ሓርበኝነትን ጅግንነትን ብሕራነን ኣብያን ክንዝክራ ይግበኣና።

ንሕና ኤርትራውያን ኣብዛ ዕለት እዚኣ ናይ'ቲ መሰልናን ኤርትራዊ ክብርናን ዝተደፍሮ፡ መብጽዓ እቶም ንጽሃት ሰማእታትና ዝተጠልሞ፡ ጀጋኑ ተቓለስቲ ሓርበኛታትናን ሓቖኛታት ጋዜጠኛታትናን ዝሰኣናሉ ሕነ ንፈድየሉ፡ ንህዝብናን ሃገርናን ካብ ባርነትን ጥፍኣትን ነድሕነሉ፡ ኤርትራዊ ክበናን ግርማናን ንመልሰሉ፡ ብግብሪ ኤርትራውነትና ነመስክረሉ መብጽዓ ንኣትወሉ ዕለት ክኸውን ኣለዎ። ነቲ ኣብ ውስጢ ሃገር ብመንእሰያትን ህዝብን ዝካየድ ዘሎ ቃልስን ህዝባዊ ምንቅስቓስን እጃምና ብግብሪ ከነወፊ፡ ነቲ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኣብ ጽላል ሓድነት ንቕድሚት ከም ዝውጨፍ ክንገብር፡ ኩልና ኣንጻር ባርነትን ምልክን ብትብዓት ደው ክንብል፡ በዛ ንመበል 13 ዓመት ንዝክራ ዘለና ዕለት 18 መስከረም ግብራውነት ዘልዎ መብጽዓ ክንኣት እቶም በዛ ዕለት ዝተሓየሩ ጀጋኑን እቲ ንሶም ዝጠለብዎ ስርዓተ ሕግን ደሞክራስን ይጽውዓና ኣሎ። *******ገዛኢ ሓጎስ፡ ካናዳ*******

## يا قابيل ملعونٌ انت في الارض وتائه .

اسياس افورقي ، قاتل أخيه وسارق حياته ،وفي اكثر الحيوات معاناه يمر سبتمبر آخر على اكبر عمليه اعتقال تعسفي قام بها النظام بحق مناضلين سابقين ومسؤولين وطنيين وصحفيين شرفاء قالوا له لا .

بين من مات ألما وقهر و بين من ينتظر تمر < اليوم ثلاثه عشر عاما على اعتقال هؤلاء . وبالرغم من ما تلى من قهر واعتقال وتشريد لم يكن اقل عنفا وأذى الا ان ما يميز هذا الاعتقال بالتحديد هو انه شكل نقطه تحول مهم وتاريخي في اعلان الديكتاتوريه الافورقيه . فعندما قرر اسياس افورقي القيام بهذا العمل الوحشي ، ضاربا عرض الحائط باعتبارات الرفقه النضالية والإرث الوطني ، بل وبأي اعتبار للحق العام وحق الانسان ، بل وحتى بكل الاعتبارات الدوليه والعهود المتعارف عليها . كان حينها اسياس افورقي او قابيل ارتريا يمعن في تمسكه بحلمه الخاص وجنونه في التسلط والاستعباد على حساب الشعب ، وخاصه بعد ان اسقط تحرك مجموعه الخمسه عشر القناع عن وجهه البشع ورغباته المريضة .

ان الخطوه الأصلاحيه التي حاولت مجموعه < الخمسه عشر القيام بها ضمن حدود المسؤوليه الوطنيه والحرص على المصلحه الوطنيه . كان يمكن لها ان تكون اكثر راديكاليه وعمليه في إقصاء رأس الحربه والقضاء على مشروعه الديكتاتوري في مهده . ولكن ، وعندما تكون رفقه السلاح في الاعتبار ، وعندما تكون حكمه حمايه المشروع الوطني كله في الاعتبار ، وعندما يكون الأخ المصلح حاقن دم أخيه في الاعتبار ، هنا يكون من المبرر والمفهوم ما قامت به هذه المجموعة من محاوله سلميه ، جاده. ، ومدروسه ،رصدت لها كل الإمكانيات الوطنيه ومدت بها الى العلن للمشاركه الجماهيرية والمباشره ، حينها تكون مفهومه ومقدره وتاريخية .

ان الثامن عشر من سبتمبر ، يوم رمزي في تاريخ ارتريا الحديث . فهو بالاضافه الى كونه يوم شهدنا فيه اكبر حمله اعتقالات حينها ، هو أيضاً يوم وأد المشروع الإعلامي المستقل ، وإسكات الصحفي الحر ، الغير حكومي ، والرافض للرضوخ والإملاء . تم اعتقال تسع من الصحفيين المستقلين ، وأغلقت الصحف المحليه الخاصه . مات من مات منهم ، ولا يعرف مصير الآخرين حتى الان .

في ظل ديكتاتوريه افورقي البشعة ، تحولت < الشهور في ارتريا الى سبتمبر وازدات السجون وتوسعت المعتقلات تحت الارض لتشمل نساء ورجال من مختلف التوجهات والطوائف . أناس رفضوا الظلم ونادوا بالحريات العامه والخاصة . فما كان من امر النظام الا مزيدا من القمع والقتل ، وآخر المطاف اعتقالات لآخر ما تبقى من رفاق الأمس ومن رجال الدوله الحديثه ، ليمحو بذلك الديكتاتور كل احتمال قيام معارضه منظمه . ولكن يبقى ان نذكره بأن خلف كل سجين مشروع ثائر ، وخلف كل قتيل مشروع ثائر ، وخلف كل شاب شرده نظامه مشروع ثائر ،فهذه الارض الارتريه تأن بالكثير الكثير من دم هابيل يصرخ باللعنة على قابيل افورقي .

الحريه لكل المعتقلين في سجون النظام < الديكتاتوري والنصر للحق والعدل .

*******ብ ኣማል ዓሊ********

### መጸዋዕታ ዓርቢ ሓርነት

- በብዝጥዕመኩም መምስታኣምንዎ ተወደቡ።
- ንለውጢ ዝጽውዑ ጽሑፋትን መልእኽትታትን ዘርግሑ።
- ኣብ ትምህርቲ፡ ስራሕ፡ እትነብርሉ ከባቢታትን ዘለኹሞ ኣሃዱታትን ኣጋጣሚ ኣብ ዝረኸብኩምሉ ንህግደፍ በድሁ።
- ጽሑፋት ልኣኩ
- እሱራት ክፍቱሐ ዝከኣለኩም ግበሩ
- ብህግደፍ ንዝፍጸሙ ግፍዕታት ብናይ ሞባይል ቪድዮ ወይ ደረቕ ስእሊ ብምስኣል ናብ'ዚ ኤ-መይል ለኣኹ፡ arbiharnet@gmail.com